# አይፋልካን...እያሱ

አይፋልካን እያሱ.....ካህሳካ አይኮን ንሱ

እንታይ ዲአ አጻደፈካ....ሐመድ ንምልባሱ

እያሱ!!!...............................እያሱ!!!!!!!

አህዛብካ ብነጠባኻ..........አለቂሱ።

እት ዕሙቕ ስነ ጥብባዊ ተኽእሎኻ

ንመን ከ ገደፍካሉ በጃኻ?

ዋእእእ.....ከድኩ ከይበልካ

ንእሽቱእከ....ንመን ሐበረካ

አረ ነጽሮ ብቁሉዕ መንገድካ

ደንጺይዎ አሎ.....ህዝብካ።

አንታ ናይ ስነጥበብ ሊቃውንት

አንታ ናይ ሐገር መልክዕ እዲያት

ናይ ቋንቋ ባህሊ መስትያት

ናይ ኩለመናዊ ጋህዲ ጽርየት

ሀቂ ድዩ.... ካብ ሕይወት መሪጽካ ሞት?

ርሱእ ቋንቋናን ባህልናን መሊእካ ከይጋላህካ

ናብ ስሩእ ናብ ንቡር ከይመለስካ፡

አብ ወለዶታትን ውላድካን ከየስረጽካ፡

................ገና ንኡስ እሸል ኢካ!!

## እያሱ!!!!!!!!! ከይደ እየ አይትበለና በጃኻ

## ብዙህ!!!!!!!!!!!ንጽበዮ አለና ካባኻ።

# እያሱ!!!!

ሀገር……ኢኻ!!

ህዝቢ……ኢኻ!!

ስነጥበብ እዩ ልባስካ፡፡

እህህህ..ይመስለካዶ በይንኻ ዝሀለፍካ
ሀገር፣ህዝቢ፣ቋንቋ፣ባህሊ፣ስነጥበብ
ኩሎም ሀዚኖም አልቂሶም ኢዮም ብአኻ
ተማህጸን ምእንተኩሎም ከይደ እየ አይትበለና በጃኻ
ጠቢብ እያሱ ብዙህ ንጽበዮ ንሐርፎ አለና ካባኻ።

እንታይ ንኽህሶ ንሞት አረ ታይ ንበል እንታይ ንግበር?
እት መንፈስ ህዝቢ …………እትኽብሪ ሀገር
ዳግም ህይወት ዘሪኡ…………ታሪክ ንኽፈጥር።

ህላወኻ ሀባሪት ደብዳበኻ
አንቃእሪረን ይጽበያ አለዋ ወላዲትካ
እያሱ!!አይተጽቅጥ ብሹም መዝገበ ልአኽለን በጃካ።

እንታይ ከ ክንብል እንታይ ከ ክንብለካ
ንከይንሪኢካ ካብቀበጽናካ
መንግስተሰማያት የዋርስካ
ጽንአት ንወለድኻ ስድራኻ
ጽንአት ንህዝብኻ

ፍስሃ በላይ

ስቶክሆልም